# ሰንበት ዘመስቀል መስቀል 2019 ዓ.ም.

## መስከረም 17 2019 ዓ.ም. (9/27/2026)

(ኣብ ናይ መስቀል ሶምን ካልኣይ ሰንበት እንተ ወዓለ ሓደ ካብዞም ዝተጠቕሱ መዛሙር ይዝመር)

መዝሙር፡ 1. መስቀልከ እግዚኦ ተሰብሐ...መስቀልካ ተመስገነ ኃይሊ መስቀልካ እሱራት ፈትሐ፥ ኃይሊ መስቀልካ ለምጻማት አንጽሐ፥ ኃይሊ መስቀልካ ሙታን አተንሥኤ፥ ሰንበት ንሰብ ዕረፍቲ ኢሉ ሰርዐ፥ መስቀልካ ተመስገነ ኦኃይታ ሓቂ ዝኾነ ቃልካ ዓዘዘ።

2. ዝንቱ መስቀል ረድኤት ለእለ ንአምን...ነቶም እንአምን እዚ መስቀል ረድኤት ንአይሁድ ስደት እዩ፥ ከምቲ ኀይታና ባዕሉ ኣብ ወንጌል ዝበሎ ኣነ ጎይታ ሰንበትን ኣቦ ምሕረትን ሰንበት ምእንቲ ዕረፍቲ ኢለ ዝሰራዕኩ እየ።

ንባባት፡ ፩ቆሮ 2፡1~12፥ ፩ጴጥ 2፡20~ፍ፥ ግ.ሓ. 4፡19~31፥ ሉቃ 9፡18~28

ምስባክ፡1. ወወሃብኮሙ ትእምርተ ለእለ ይፈርሁከ፥ ከም ያምስጡ እምገጸ ቀስት፥ ወይድኃኑ ፍቁራኒከ።

2. ወአጽንእ እግዚኦ ለዝንቱ ተሠራዕከ ለነ፥ ውስተ ጽርሕከ ዘኢየሩሳሌም፥ለከ ያምጽኡ ነገሥት አምኃ። ነቲ ንኣና ዘድኃንካሉ ኃይልኻ ግለጾ፥ ስለቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ዘሎ ቤት መቕደስካ ነገሥታት ውህበት ከምጽኡልካ እዮም። መዝ 68፡28-29።

ዘመነ መስቀል ካብ 17-25 መስከረም ዘሎ እዩ።

መስቀል ኣብ እምነትና መሰረት ኩሉ እዩ፥ በዚ ምኽንያት ኣብ ስርዓት ኣምልኾና ኣብ ባህልና ኣብ ኩሉ ዕሞቕ ምስጢር መስቀል ይርአ። መስቀል ብኽልተ መኽንያት ኢና እነብዕሎ፡ 1. ነቲ ዓቢ ታሪኻዊ ፍጻሜ ኣብ ሕይወት ቤተ ክርስትያን ዝተፈጸመ ንምዝካር። 2. ትርጉም ምልክት መስቀልን ኣብ ዕለታዊ ሕይወት ነፍሲ ወከፍና ዝኻነፈና መስቀልን ንምግላጽን እዩ።

ኣብ ዓመተ ምሕረት 326 ኣብቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተሰቕለሉ ተረፈ መስቀል ተረኺቡ። ከም ኣበሃህላ ቅዱስ ዮውሓንስ ኣፈወርቅ ቅድስት ኤለና ኣደ ንጉሥ ቆስጣንጢኖስ ነቲ ክርስቶስ ዝተሰቕለሉ መስቀል ክትረኽቦ ኢላ ኣብቲ ቀራንዮ ዝተባህለ ኮሮብታ ኩዕታ ኣካይዳ። ኣብቲ ኩዕታ ሰለስተ መሳቕል ተረኺቡ፥ ኣብዚ ካብቶም ምስኡ ዝተሰቕሉ ክልተ ሰረቕቲ ኣየናይ ናይ ክርስቶስ ምዃኑ ፈሊኻ ክትፈልጥ ኣይተኻእለን፥ ስለዚ ሓንቲ ሕምምቲ ሰበይትን ሬሳ ናይ ሓደ ሰብኣይን ኣብቲ ቦታ መቓብር ኣምጺኦም። ነቶን መሳቕል ሓደ ብሓደ ኣብ ልዕሊ እታ ዝሓመመት ሰበይትን ኣብ ልዕሊ እቲ ሬሳ ናይ እቲ ሰብኣይን ምስ ኣንበርዎ፥ እቶም ክልተ መሳቕል ሓንቲ ምልክት ኣየርኣዩን ነታ ኢየሱስ ዝተሰቕለላ ኣብ ልዕሊኦም ምስ ኣንበሩሎም ግን እታ ሕምምቲ ሰበይቲ ካብ ሕማማ ብቕጽበት ሓውያ እቲ ሬሳ ኸኣ ሕይወት ረኺቡ ተንሢኡ። እዚ ተኣምራት ኣየናይ ናይ ኢየሱስ መስቀል ምዃኑ ብንጹር ገሊጹሎም።

እዚ ወረ ኣብ ኩሉ ምስተወረ ብዙሓት ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ንመስቀል ክርስቶስ ንምርኣይን ንምኽባርን ክመጽኡ ጀሚሮም ከምዚ ኢሉ መስቀል ኣብ እምነትና ክከብር ጀሚሩ። ኣብቲ እዋን ናይ ኢየሩሳሌም ፓትሪያርክ ዝነበሩ መቃርዮስ ኣብ ሓፍ ዝበለ ኮይኖም ንመስቀል ሓፍ ኣቢሎም

ንዅሉ ሰብ ከምዝርእዮ ገሮም፥ ኩሉ ህዝቢ እና ሰገደ ኩሎም ብሓባር ኦጎይታና ምሓረና እናበሉ ይጽልዩ ነሮም። ቅድስቲ እለና አብቲ ቦታ ቤተ ክርስትያን ክስራሕ አዚዛ። እዛ ሕጂ ዘላ ቤተ ክርስትያን አብቲ ኢየሱስ ዝተሰቕሎ The church of Holy Sepulchre ቤተ ክርስትያን ዘመቃብረ እግዚእ መስከረም 13 335 ተሰሪሓ ተመሪቓ። ካብዚ እዋን ንድሓር ዓመት ዓመት ብዓለ መስቀል ክብዓል ጀሚሩ። ሎሚ ቤተ ክርስትያን መቃብረ እግዚእ ቅዱስ ቦታ ተሓሲባ ብዙሓን ነጋድያን ክርስትያን ካብ ኩሉ አብኡ መጺኦም ይሳለሙን ይጽልዩን።

ሎሚ መስቀል ሓባራዊ ምልክት ክርስትናና እዩ። ሓደ ምልክት መስቀል ዝገብር እንተ ረኤና ምልክት ክርስትያን ምዃኑ ንርዳእ። ትርጉም መስቀል አብ ወንጌል ዮሓንስ ክገልጸልና እንከሎ ከምቲ ሙሴ አብ በረኻ ንተመን አብ ዕንጨይቲ ዝሰቐሎ ከምኡ ክርስቶስ አብ መስቀል ምስተ ሰቕለ ድሕነት ከም ዘምጽአልና ይገልጾ። ቅ. ጳውሎስ አብ ሰብ ፍሊጺስዩስ አብ ዝጸሓፉ ዕምቕ ምስጢር መስቀል ክገልጸልና እንከሎ ኢየሱስ ንርእሱ ከም ኢሚንቲ ገሩ ምእንታና አብ መስቀል ሞይቱ ይብለና። ኩሉ አብ ኢድ ሰማያዊ አብኡ ገሩ ምእንታና በጃ ኮይኑ። ስቅለት ኢየሱስ ምእንታና ገዛእ ርእሱ በጃ ሂቡ በዚ ምኽንያት ሰማያዊ አብኡ ካብ ሞት አተንሥኦ። በዚ ምኽንያት አብ ኩሉ ሕይወት ክርስትያን ምልክት መስቀል መግለጺ እምነት ኮይኑ ንረኽቦ።

ዕለታዊ መስቀልና ክንፀውር ድላይ ኢየሱስ እዩ፡

ነፍስወከፍና እንጾሮ መስቀል አሎና፥ ከም ክርስትያን መጠን ዘመልክዓልና መስቀልና እንተ ጾርና እምበር ብዘይ መስቀል ክንጉዓዝ መልክዕ የብልናን። አብ ማቴ 1፡38-39 ከምዚ ይብለና እቲ መስቀሉ ፀሩ ደድኅረይ ዘይስዕብ ንአይ አይበቅዕን እዩ፥ እቲ ንሕይወቱ ዚረኽባ ኬጥፍአ እዩ፥ ንሕይወቱ ምእንታይ ዜጥፍአ ኸአ ኪረኽባ እዩ ይብል። እሞ ከመሎና መስቀልና ጸርናዶ ንጉዓዝ አሎና? ሕይወትና ክንርኢ ሎሚ እዋኑ እዩ። ነዕሎብጥ ከይንህሉ ሕይወትና ንርአ። ብርግጽ መስቀል ክትጸውር ቀሊል አይኮነን ግን ንመስቀል እንተ ዘይጾርና ክንዕወት ክንሕጎስ አብ ቁምነገር አብ መንግስተ ሰማይ ክንበጽሕ አይንኽእልን ኢና። ዕለት ዕለት መስቀለይ ክጸውር ሓግዘኒ ንበሎ።

ቅ. ጳውሎስ አብ 1ቆሮ 1፡18 ብዛዕባ መስቀል ክዛረብ እንከሎ ከምዚ ይብል ቃል መስቀል ነቶም ዝጠፍኡ ዕሽነት እዩ፥ ንአና ነቶም እንድኅን ግና ኃይሊ አምላኽ እዩ ይብለና። አብዚ አተሓሳስባና ኩሉ ናትና ዘበለ ካብቲ ናይ አምላኽ ፍሉይ ከምዝኾነ ይገልጸልና። ብናይ ሰብ አተሓሳስባ ጥራሕ ተመሪሕና ንመገዲ አምላኽ ክንርድኦ ዘይክአል እዩ። አብ ዓሚቕ ርድኢት አምላኽን አብ ፍቕሩን ክንበጽሕ ድሩት ዓቕምናን አፍልጦናን ክነለሊ፥ አምላኽ ከም ዘድልየና ምርዳእ፥ እምነትና አብ ወዱ ኢየሱስ ከድኅነና ኢሉ ዝሰደዶን አብ መስቀል ኮይኑ ከድኅነና ዝልአኾ ምእማንን የድሊ።
ልዕሊ እዚ ነገራት ብአፍልጦን ብፍቕሪ አምላኽ ክንዓቢ ዝድለ እንተ ድአ ኮይኑ ሕይወትና ክንቅርብ ስድንድዋት ክንከውን፥ መንፈስ ቅዱስ አብ ዝመርሓና ብእምነት ክንከይድ ወላ እውን አንጻር መብዝሕትኦም ሰባት ካብ ዝርድእዎ እንተ ርሓቕና። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ከአ ኢየሱስ ንርእሱ ከምኡ እዩ ዝነብር ነሩ፥ መገዲ መስቀል እናተጓዕዘ እዩ ዝኸይድ ነሩ፥ ከም ክርስትያን መጠን ክንጉዓዞ ዝግብአና መገዲ እዩ።

አብ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ፍሊጺስዩስ እንተ አንበብና እንርእዮ ሕይወት ኢየሱስ ብምልኡ መስቀል ዝመልኦ ከም ዝነበረ እዩ። እዚ ዅሉ ንሰመያዊ አብኡ ክእዘዝን ንአና ስለ ዘፍቀረን ምእንቲ ድኅነትና ኢሉ ብነጻ ንርእሱ ኢሚንት ክገብር መረጹ። ድኅርዚ ኢየሱስ አብ

ኩሉ ኣገልግሎቱ ብምሉእ ትሕትናን ፍቕርን ንኻልኦት ኣገልጊሉ ነቲ ሰማያዊ ኣብኡ ዝለኣኾ ተልእኮ ክሳብ ዝፍጽም ብኹሉ ተኣዛዚ ኮይኑ። ግዚኡ ምስ በጽሐ ፍቕሪ ኣምላኽ ገሊጹልና፥ ብነጻ ንገዛእ ርእሱ ኣብ መስቀል ሰዊኡ፥ እዚ ኸኣ ከድኅነና ኢሉን ሕድገት ኃጢአትና ክህበና ኢሉን ገበሮ። ድሕሪዚ ኢየሱስ ሰማያውን ዘለዓለማዊ ሕይወት መታን ክኸፍተልና ኢሉ ካብ ሞት ተንሢኡ ንሰማይ ዓሪጉ።

ንኹሉ ብሕጽር ዝበለ ክንገልጾ እንተ ኾና ኢየሱስ ንመገዲ መስቀል ዝመረጸ ከድሕነና ጥራሕ ኢሉ ኣይኮነን እንታይ ድኣ መስቀል መገዲ ድኅነት ኮይኑ ብኣኡ ከም ዝርኸብ ክገልጸልና ኢሉ እዩ። ንሕና ምእንቲ ሕይወት ክንረክብ ኢሉ ንሱ ከም ዝሞተ ንሕና እውን ቀጺልና ካብ ኃጢአት ክንመውት ኣሎና እዚ ኸኣ ኣብ ዝተሓደሰ ሕይወትን ኣብ ምሉእ ሕይወት ኣብ ክርስቶስ መታን ክንበጽሕን እዩ። ሓዲስ ሕይወትና መጠን ኣብ ኣገልግሎትን ፍቕርን ናይ ኣምላኽን ብጾትናን ዝገበርና መጠኑ ኣብ ክርስትያናዊ ሕይወትና ዕዉታት ክንከውን ኢና። እዚ ንምሉእ ሰላምን ፍቕርን ከም እነስተማቕር ንኹሉ ዘድልየና ጸጋ ከም እንረክብ ይገብረና። ሓዲስ ሕይወት ኣብ ክርስቶስ ካልእ ዘቕርበልና ኣልኦ ንሱ ኸኣ ብተስፋ ከምእንነብር ዋሕስ ሂቡ ኣብ ዘለዓለማዊ ሕይወት ከምእንሳተፍ ይገብረና።

እዋናት መስቀል እምብኣር ምሕረት ክነዘውትር ንዝጓነፈና ፈተና ኣብ ጽቡቕ ለዊጥና ክንክእል ከምኡ ኣብ ሕይወትና ኩሉ ጊዜ እንኸፍሎ ዋጋ ከምዘሎ ፈሊጥና ስንድዋት ክንከውን ከምዘሎና የዘኻኽረና፥ ከይጸገመና ከይከበደና ጉዕዞ ሰማይ ክንሕዝ ኣይክኣልን እዩ እሞ ኦ ኣምላኽ ኣብ ሕይወትና መስቀልና ጸርና ክንስዕበካ ሓግዘና ንበሎ።

ንኹልና ርሑስ መስቀል በሪቑ ሰላም ፍቕሪ ተኣዊጁ እሱር ዝፍትሓሉ ጭኑቕ ዝርህወሉ ዝተወልደ ዝዓብየሉ ወላዲ ዝኸብረሉ ውሉድ ዝምረቐሉ ዘመን ይግበረልና።
ብሩኽ ብዓለ መስቀል ንኹልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ